**Kanton St.Gallen**
**Kompetenzzentrum Integration und Gleichstellung**

**mehr Sprache.**
Kanton St.Gallen

# ምሳይ ተዛረብሞ ንዓይ ድማ ስምዓኒ!

ንደቅና ኣብ ምዝራብ ዝሕግዙ
12 ነጥብታት

ሓደ መጽሄት ንወለዲ

ትግርኛ

0 - 4 ዝዕድመኦም

Departement des Innern

# ዝኸበርኩም ወለዲ፣

ብምኽንያት ምውላድ ውላድኩም እንቋዕ ሓጎሰኩም። ትጽቢት ናይ ነዊሕ ግዜ ኣብቂዑ። ኣብ መጨረሻ ድማ ውላድኩም ክትሓቑፉ በቒዕኩም። ብርግጽ ድማ ካብ ፈተውትን፣ ኣዝማድን፣ ኣዕሩኽን ብዙሕ ናይ እንቋዕ ሓጎሰኩም መልእኽቲ በጺሑኩም ኣሎ፥ እዚ ኣብ ቦቱኡ እንዳሃለወ ምናልባት ብቐጻሊ ብዛዕባ ኣተዓባብያ ውላድኩምን ተራ ናታትኩምን እንታይን ከመይን ክኸውን ኣለዎ ዝብል ሕቶ ትሓቱ ትኾኑ።

ንስኻትኩም ከም መጠን ወለዲ ንውላድኩም ጸጽብቑ ኢኹም እትምነይሉ። መብዛሕቲኡ ግዜ ኣብ ኣተዓባብያ ብፍላይ ኣብቲ ንውላድ ጸጽብቑ ኣትውስነሉን እትሓርይሉን እዋን፣ ወለዲ ሓያሎ ሓደሽቲ ብድሆታት ገለ ገሊኦም ካብ ዓቕሚ ወጻኢ ዝኾኑ የጋጥሞም።

ንሓደ ኣገዳሲ ዝኾነ ሕቶ ብዝምልከት ኣብዚ መጽሄት እዚ ተመርኩውስና ክንሕግዘኩም ንደሊ፥ ምሳይ ተዛረብ ንዓይ ድማ ስምዓኒ ዝሕብርኩም ውላድኩም ብኸመይ ኣብተን ቀዳሞት ዓመታት ናይ ዕድመኡ ጽቡቕ ገርኩም ኣብ ምዝራብ ክትሕግዝዎ ከምእትኽእሉ እዩ።

እተን ቀዳሞት ናይ ዕድመ ዓመታት ንምዕባለ ቋንቋ ናይ ወዲ ሰብ ኣገደስቲ ግዜ እየን። ንስኻትኩም ድማ ከም ወለዲ መጠን ኣብ ምምሃር ኣዘራርባን ምዝራብን ጽቡቕ ክትሕግዙ ትኽእሉ። ምምላኽ ቋንቋን ቋንቋታትን ንመነባብሮ ናይ ሎምን፣ ናይ መጻእን ከምኡውን ንዋኒን ሞያ ኣብዚ ሕብረተሰብ'ዚ ኣገዳሲ እዩ።

እንተድኣ ንስኻትኩም ምስ ቋንቋ ጀርመን ዘይዓቢኹም ወይ ድማ ቋንቋ ጀርመን ምስ ዓበኹም ተማሂርኩሞ
ኮይንኩም፣ ንውላድኩም ኣብ ምዝራብ ምናልባት ብኸመይ ጽቡቕ ጌርኩም ክትሕግዙ ትኽእሉ ዝብል ሕቶ ንርእሰኹም ሓቲትኩም ትኾኑ። ብዛዕባ'ዚ ኣብ መጽሄትና ሓገዝቲ ዝኾኑ ሓበሬታታት ምስ ግብራዊ ምኽሪ፤ ህጻናት ብከመይ ጽቡቕ ገይሮም ምስ ክልተ ወይ ድማ ብዙሓት ቋንቋታት ክዓብዩ ከምዝኽእሉ ትረኽቡ።

ንቖልዑ ኣዘራርባ ንክመሃሩ ምሕጋዝ ፍሉይ ጥበብ ኣይኮነን። እዛ መጽሄት ምስ ኣንበብኩም ክትፈልጥዎ ኢኹም። ነገር ግን ናታትኩም ኣተኩሮን ንጥፈታትን ኣድላዪ እዩ። ስለዚ ነዛ መጽሄት ደጋጊምኩም ኣንብብዋ። ብኣኣ ደማ ተመርሑ። ንምዕባለ ውላድኩም ኣብተን ናይ መጀመርያ ናይ ዕድመ ዓመታት ኣብ እተካይድሉ እዋን መመሊስኩም ሓገዝቲ ዝኾኑ ነገራት ክትረኽቡ ኢኹም።

ማእከል ምውህሃድን ማዕርነትን ናይ ካንቶን ሳንት ጋለን (Kompetenzzentrum Integration und Gleichstellung des Kantons St.Gallen) ምስ ውላድኩም ሓጎስ ይምነየልኩም!

### ትፈልጡዶ ...

ንምዕባለ ናይ ውላድኩም ቋንቋ ገና ኣብ እዋን ጥንሲ ክትሕግዙ ከምትኽእሉ?

# 1. ሃሎ ንስኻትኩም ክትሪኡኒ ኣይትኽእሉን ኣነ ግን ክሰምዓኩም ይኽእል!

## ብዛዕባ'ዚ ክኢላታት እንታይ ይብሉ?

- ሓደ ህጻን ገና ኣብ 4ይ (ራብዓይ) ወርሒ ኣብ ጥንሲ ከሎ ድምጺ ክሰሊ ይኽእል፣ ቅድሚ ኩሉ ድማ ድምጺ ናይ ኣዲኡ።

- ህጻን ገና ቅድሚ ምውላዱ ብቃና ናይ ኣዲኡ ቋንቋ ይጽሎ፣ ከምኡውን ገና ኣብ ማህጸን ከሎ ብሙዚቃን ብድምጽን ይጽሎ።

- ኣብተን ናይ መጀመርያ ናይ ዕድመ ዓመታት፣ ወለዲ ንውላዶም ቋንቋ ብዝምልከት ዝበለጸ ኣብነት እዮም። በዚ ምኽንያት እዩ ኣገዳሲ ዝኸውን፣ ስለምንታይ ወለዲ ገና ኣብ እዋን ጥንሲ ምስ ውላዶም ብኣየናይ ቋንቋ ወይ ቋንቋታት ክዛረቡ ከምዝደልዩ ክሓስብሉ ዘለዎም።

# ሓበሬታ ኣብ መዓልታዊ መነባብሮ

## ብጭቡጥ ንውላድኩም ክትገብርዎ እትኽእሉ፥

ገና ኣብ እዋን ጥንሲ ንውላድኩም ብዛዕባ ናታትኩም ዓለምን ብዛዕባ ዝምስጠኩም ነገራትን ኣዘንትውሉ/ላ።

ምስ ውላድኩም ኣብ ገዛ እትዛረብሉ ቋንቋ (ወይ ቋንቋታት) ኣየናይ እዩ ንዝብል፣ እዘን ዝስዕባ ሓሳባት ክሕግዛኹም ይኽእላ፥
ንውላድኩም በቲ ዝጥዕመኩምን እትመልክዎን ቋንቋ ኣዘራርብዎ።
በዛ ቋንቋ እዚኣ ኢኹም እቲ ዝበዝሐ ናይ ቃላት ሃብቲ
እተመሓላልፍሉ። ብኸምዚ ድማ ንኻልኦት ኣብ ህይወቱ ክመሃሮም
ዝኽእል ቋንቋታት ድልዱል መሰረት ተንጽፉ።

ኣንተደኣ ንስኻትኩም ከም ወለዲ ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ጽቡቕ
ትዛረቡ ኮይንኩም፣ እዚ ንውላድኩም ጠቓሚ መበገሲ እዩ።
ወለዲ በብወገኖም በቲ ዝመልክዎ ቋንቋ ምስ ደቆም ክዛረቡ ይኽእሉ።
ስለዚ ውላድኩም ጽቡቕ ኣብነታት ናይ ክልተ ቋንቋ ይህሉዎ።

ንኣየናይ ቋንቋ ከም ናይ ስድራ ቋንቋ ትመርጹ ብዘየገድስ ውላድኩም
ናይታ ሃገር ቋንቋ ጀርመን ክመሃር ከምዘለዎ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።
ኣብዚ ጽቡቕ ንኽስመዓኩም፣ ኣዕሩኽን መሓዙትን ክትረኽቡ ከምኡውን
ጽቡቕ ትምህርቲ ክትሰንቁ ጽቡቕ ኣፍልጦ ቋንቋ ጀርመን ኣገዳሲ እዩ።
ዋላኳ መዓልታዊ ኣብ ገዛ ብኻልእ ቋንቋ እንተተዛረብኩም፣ ውላድኩም
ጽቡቕ ገይሩ ቋንቋ ጀርመን ክመሃር ይኽእል እዩ።

## ትፈልጡዶ ...

ውላድኩም ብዝበለጸ ዝመሃር ንስኻትኩም ምስኡ በቲ ዝበለጸ እትመልክዎ ቋንቋ ምስ እትዛረቡ ከምዝኾነ?

# 2. ቋንቋ ናይ ኣደ ጽቡቕ ኣዩ! — ቋንቋ ናይ ኣቦ ጽቡቕ ኣዩ!

## ብዛዕባ'ዚ ክኢላታት እንታይ ይብሉ?

- ንሓፈሻዊ ኮነ ንናይ ቋንቋ ምዕባለ፣ ጽቡቕ ስምዒታዊ ርክብ ምስዝህሉ ዝበለጸ መሰረት እዩ። እቲ ቆልዓ ወለዱ ምስኡ በቲ ዝፈትዉዎን ዝተኣማመኑሉን ቋንቋ ይዛረቡ ከምዘለዉ ይስመዖ እዩ።

- ንምዕባለ ቋንቋ ናይ ውላድ እቲ ዝበለጸ፣ ወለዲ ነቲ ዘመሓላልፍዎ ቋንቋ ምስ ዝዛረቡ እዩ።

- ናትካ ቋንቋ ኣደ ጽቡቕ ጌርካ ኣንተደኣ ትዛረብ ኮይንካ ካልእ ቋንቋ ንክትመሃር ዝበለጸ መሰረት እዩ። ዝኾነ ቋንቋ ናብ ደቅና እነመሓላልፎ፣ ፍልጠት ብዛዕባ ዓለም ዝሓቘፈ እዩ።

## ሓበሬታ ኣብ መዓልታዊ መነባብሮ

### ብጭቡጥ ንውላድኩም ክትገብርዎ እትኽእሉ፥

ምስ ውላድኩም በቲ እትመልክዎ ቋንቋ ወይ ድማ ቀቢላዊ ቋንቋ (Dialekt) ተዛረቡ።

ምስ ውላድኩም ብዙሕ ተዛረቡ፣ ባዕሉ ንኽዛረብ ድማ እኹል ግዜ ሃብዎ።

ታሪኽ፣ ደርፊ ወይ ድማ ናይ ቆልዑ ጸወታታት ናይ ሃገርኩም ከምኡውን ብዛዕባኹምን ብዛዕባ መበቆልኩምን ንውላድኩም ምዝንታይ መሃርቲ እዮም። ቆልዑት ወይ ህጻናት መበቆሎም ስለዝጸልዎም እዚ ኣገዳሲ እዩ።

ንውላድኩም ኣዎንታዊ መንገድታት ናብ ካልኦት ቋንቋታት ክፈትሉ። ጽቡቕ ኣብነት ኩኑዎ! ብዛዕባ ቋንቋታት፣ ምምሃር ቋንቋ፣ ምክንኻን ቋንቋኹምን ቋንቋ ጀርመንን ኣዎንታዊ ኣረኣእያ ምስዝህልወኩም፣ እዚ ናብ ውላድኩም ይተሓላለፍ።

## ትፈልጡዶ ...

ንናይ ውላድኩም ርእሰተኣማመንነት ምምዕባል ቋንቋ እቲ ዝበለጸ መሰረት ከምዝኾነ?

# 3. ኣነ ከምዛ ዘለኹዋ ተፈታዊ እየ!

## ብዛዕባ'ዚ ክኢላታት እንታይ ይብሉ?

- ሓደ ህጻን ንምዕባለኡን ንምምሃር ምዝራብን ፍሉይ ናይ ወለዲ ፍቕሪ የድልዮ። ርእሰተኣማንነት ንኸጥሪ ተደላይን ተፈቃርን ምዃዋኑ ክስመዖ ኣለዎ። እዚ ሓይሊ'ዚ እዩ ድማ ምስጢር ምዕባለኡ።

- ውላድ ምትእምማን የድልዮ እዩ፣ ወለዲ ክሰምዕዎ ዘይከኣሉ ግዜ ብምስኣን ከምዝኾነ፣ ነገር ግን ተመሊሶም ከምዝከናኸኑዎ ክርዳእ ክኽእል ኣለዎ። ስለምንታይ ከምኡ ከምዘጋጠመን ከምዘይተኻእለን ክፈልጥ ስለ ዝደሊ።

## ሓበሬታ ኣብ መዓልታዊ መነባብሮ

### ብጭቡጥ ንውላድኩም ክትገብርዎ እትኽእሉ፥

ኣብ መዓልታዊ መነባብሮ ምስ ውላድኩም ንኽትዛረቡን ከምኡውን እቲ ውላድ ኣብቲ ዝካየድ ዘረባታት ንኽሳተፍን ዕድላት ኣሎ። ብኽምዚ ድማ ካብታ ዝተወለደላ መዓልቲ ክትጅምሩ ይግባእ።

ምስኡ እንታይ ትገብሩ ከምዘለኹም ንገርዎ፣ ንዘውጽኦ ድምጺ ድማ ኣቓልቦ ግበርሉ፣ ብዛዕብኡ ሕጉሳት ከምዝኾንኩም ድማ ኣርእይዎ።

ኣብ እትገብሩዎ መብጽዓ ድማ ጽንዑ፣ ንዘይተወሰነ ግዜ ኣይተጸብይዎ።

ንውላድኩም ስምዕዎ፣ ምስኡ ተዛረቡ፣
ኣድንቕዎ ድማ! ክሳብ ተዛሪቡ ዝውድእ ተጸበይዎ ኣይተቋርጽዎ።

## ትፈልጡዶ ...

ቆልዑ ወይ ህጻናት ተዛረብቲ ክልተ ቋንቋታት ወይ ካብኡ ንላዕሊ ኮይኖም ንኽዓብዩ ካብ ዓቕሞም ንላዕሊ ከምዘይኮነ?

# 4. ኣብ ርእሰይ ክልተ ቋንቋታት ወይ ካብኡ ዝበዝሐ ቦታ ኣለዎም!

## ብዛዕባ'ዚ ክኢላታት እንታይ ይብሉ?

- ቆልዑ ምስ ክልተ ቋንቋታት ወይ ካብኡ ንላዕሊ ንኽዓብዩ ጸገም የብሎምን — ሚሊዮናት ቆልዑ ኣብ መዓልታዊ መነባብሮኦም ኣብ ዙሓት ቋንቋታት ዝዝረበሉ ሃገራት ዝነብሩ ኣለዉ፣ በዚ ምኽንያት'ዚ ዘጋጥሞም ጸገም የለን።
- ተዛረብቲ ብዙሓት ቋንቋታት ልክዕ ከም ተዛረብቲ ሓንቲ ቋንቋ ይምዕብሉ — ማለት ብዝተፈላለየ ዓይነት፣ ገሊኦም ቀልጢፎም፣ ገሊኦም ደንጒዮም፣ ገሊኦም ብዙሕ፣ ገሊኦም ድማ ውሑድ።
- ምዕባለ ናይ ቆልዓ ቋንቋ ዳይናሚካዊ ኣዩ። ኩሉግዜ ንቐድመኡ ሓድሽ ነገር እንዳተማህረ ነቲ ናይ ቀደም ድማ ዓቒቡ የዋሃህዶ። ምትሕውዋስ ናይ ቋንቋ ሓደ ኣካል ናይ ምዕባለ ኣዩ።
- ሓደ ቆልዓ ንነዊሕ ግዜ ምዕባለ ምስዘይርኢ ወይ ድማ ምዝራብ ምስዘቋርጽ ጥንቃቐን ዝርርብ ምስ ሓኻይምን የድሊ።
- ቆልዑ ብሓደ ወይ ብዙሓት ቋንቋታት ክዓብዩ ከለዉ ኣብ ኩለን ቋንቋታት ንጹር ዝኾነ ሓገዝ የድልዮም።
  ኣብዚ ወለዲ ምእንቲ እቲ ቆልዓ ክዕወት ብዝተፈላለየ መገዲ ከበርክቱ ይኽእሉ።

# ሓበሬታ ኣብ መዓልታዊ መነባብሮ

## ብጭቡጥ ንውላድኩም ክትገብርዎ እትኽእሉ፥

ንውላድኩም ብቋንቋ ኣደ ተዕብይዎ ናኣብነት ብቋንቋ ቱርኪ (Türkisch)፣ ብቋንቋታት ቦዝኒያ፣ ክሮኣስያ፣ ዘርቢያ (Bosnisch/ Kroatisch/Serbisch)፣ ብቋንቋ ኩርዲ (Kurdisch)፣ ብቋንቋ ሩሲያ (Russisch)፣ ብቋንቋ ስፓንያ (Spanisch)...፣ ከምኡውን ቋንቋ ናይቲ ከባቢ፣ ጀርመን እዩ?
ስለዝኾነ ምስ ውላድኩም ብቋንቋ ኣደ ብዙሕ ተዛረቡ:: ከምኡውን ምስቶም ቋንቋ ጀርመን ዝዛረቡ ጎረባብቲ ስድራ ርክብኩም ዓቅብዎ:: ውላድኩም ተዛረብቲ ቋንቋ ጀርመን ዝኾኑ ኣዕሩኽ ንኽረክብ ሓግዝዎ፣ ምስ ተጻወቲ ጉጅለ/ጋንታ ንኽሕወስ እውን ግደፍዎ:: እዚ ንምዕባለኡ ስለዝሕግዞ:: ቀልጢፉ ብእዋኑ ርክብ ምስ ተዛረብቲ ቋንቋ ጀርመን ምስ ዝገብር ብዝቐልጠፈን ብቐሊሉን ካልኣይ ቋንቋ ክመሃር ይኽእል::

ንስኻትኩም ከም ወለዲ ክልተ ቋንቋታት ጽቡቕ ገርኩምዶ ትመልኩ? ስለዚ ውላድኩም ሓንቲ ናይ «ማማ ቋንቋ» ሓንቲ ድማ ናይ «ባባ ቋንቋ » ን
ኽመሃር ተኽእሎ ኣሎ:: ንጹር ኣጠቓቕማ ቋንቋ ከምዘሎ ኣስተውዕሉ፣ እዚ ብፍላይ ንህጻናት ኣገዳሲ እዩ:: ኣዴኡ ምስኡ በቲ ናይ «ማማ ቋንቋ» ኣቦኡ ድማ በቲ ናይ «ባባ ቋንቋ» ይዛረቡ:: ብኸምዚ እቲ ቆልዓ ንሓደ ዝተወሰነ ሰብ ምስ ሓንቲ ቋንቋ ነቲ ካልእ ድማ ምስ ካልእ ከተኣሳስሮ ይኽእል:: ስለዝኾነ ነተን ቋንቋታት ብንጹር ኣብ ሓንጎሉ ክሰርዐን ይኽእል::

ኣጠቓቕማ ናይ ቋንቋታት ከከም ኩነታቱ ክስራዕ ይከኣል፣ ኣብ መዓልታዊ መነባብሮ ሓንቲ ዓይነት ቋንቋ ትዛረብ፣ ኣብ እዋን ድራር ወይ ድማ ዕዮ ገዛ ኣብ እትሰርሓሉ ወይ ድማ ኣብ ምዝንታይ፣ ዛንታ ድሓን ሕደር «Gute-Nacht-Geschichte» ሓንቲ ካልእ ቋንቋ ትዛረብ:: እዚ ናይ ኣገባብ ናይ ቋንቋ ደሴት «Sprachinseln schaffen» ይበሃል::

ውላድኩም ብሓደ፣ ብኽልተ ወይ ብብዙሓት ቋንቋታት ይዕበ ብዘየገድስ፣ እቲ ኣገዳሲ ምስ ውላድኩም ብዙሕ ግዜ ምዝራብ፣ ንፋዓትን፣ ትዕግስተኛታትን፣ ሰማዕትን፣ ኣተባባዕትን ምኻዋን እዩ::

## ትፈልጡዶ ...

እቶም ጽቡቕ ዝሰምዑ ቆልዑ ጥራይ ጽቡቕ ምዝራብ ከምዝመሃሩ? ብተወሳኺ ትፈልጡዶ ንቆልዓ ኣዚኻ ዓው ኢልካ ከተዛርቦ ከለኻ ቀልጢፉ ከምዝነጥፍ?

# 5. ምሳይ ተዛረብ እሞ ነዓይ ድማ ስምዓኒ!

## ብዛዕባ'ዚ ክኢላታት እንታይ ይብሉ?

- ጽቡቕ ምስማዕ ንጽቡቕ ምዝራብ ቅድመ ኩነት እዩ:: ሓደ ጥዕና ዘለዎ ቆልዓ ድሕሪ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ላ ለ ክብልን ድምጺ ክደግምን፣ ምስገዛእ ርእሱ ክዛረብን ክኽእል ኣለዎ፣ እንተዘይኮይኑ ናይ ምስማዕ ክእለቱ ክፍተሽ ኣለዎ::

- ናይ ምስማዕ ጸገም ዘለዎም ቆልዑት እውን ኣብተን ናይ መጀመሪያ ኣዋርሕ ድምጺ ክገብሩ ይኽእሉ እዮም፣ ድሒሮም ግን እንዳጸመሙ ይኸዱ::

- ዓው ኢልካ ምዝራብ ናይ ቆልዕ ምስትውዓል የቀላጥፎ:: እቲ ቆልዓ ድማ ብእዋኑ ነታ ናይ መጀመርታ ሰሓቕ ይፍንዋ::

# ሓበሬታ ኣብ መዓልታዊ መነባብሮ

## ብጭቡጥ ንውላድኩም ክትገብርዎ እትኽእሉ፥

ንውላድኩም ብፍላይ ድሕሪ ሻድሻይ ወርሒ ናይ ዕድመኡ ኣስተውዕልሉ። ድምጺ የስምዕዶ፣ ክትጽውዕዎ ከለኹም ርእሱ ይጠዊዶ?

ብፍላይ መጻወቲ ሰዓታት ጭልጭል ዝብልን ንምብርባር ናይቲ ቆልዓ ተመረጽቲ እዮም።

ምስ ውላድኩም ብዙሕን ደጋጊምኩምን ተዛረቡ፣ ብድሕሪኡ ጽቡቕ ይሰምዕዶ ኣይሰምዕን ክትርድኡ ኢኹም።

ድምጺ ኣስምዑ ነቲ ናይ ውላድኩም ላለ ድምጺ ድማ ድገምዎ። ነቲ ህጻን ምስኡ እንታይ ትገብሩ ከምዘለኹም ንገርዎ።
ብፍላይ ደርፍን ግጥም ንኣብ ዝተፈላለየ ዕድመ ንዘለዉ ቆልዑት ተፈተውቲ እዮም።

ቆልዓ ቁስሊ ናይ እዝኒ ምስዝህልዎ ንመርመራ ናብ፥ ማእከል ምኽሪ ኣቦን ኣደን (Mütter- und Väterberatung) ኣብ ምምሕዳር ከባቢኹም ወይ ድማ ናብ ሓኪም ትኸዱ።

## ትፈልጡዶ ...

ቋንቋ ብኹሉም ህዋሳታዊ ስሚዒታት ከምዝትግበር? ምስማዕ ጥራሕ ኣገዳሲ ኣይኮነን፣ ምትንካፍ፣ ምርኣይ፣ ተሞክሮ ምግባር፣ ብኢድካ ምሓዝ ...

# 6. ባዕለይ ክገብር እየ!

## ብዛዕባ'ዚ ክኢላታት እንታይ ይብሉ?

- ምስማዕ፣ ምርኣይ፣ ምትንካፍ፣ ምንቅስቓስ፣ ምፍላጥ፣ ምርዳእ ምንቅስቓስ፣ ተሞክሮ ስሕበት ከምኡውን ካልኦት ብዙሓትን ነቲ ህጻን ምስ ዓለም ንኽፋለጥን ክርዳእን ይሕግዝዎ:: ብኽም'ዚ ስሚዒቱ፣ መንፈሳዊን ሕብረተሰብኣዊ ዓቕሙ ከምኡውን ቋንቋኡ ይምዕብል::

- ውላድኩም ኣቕሓ እንተድኣ ክሕዝ ክኢሉ «ልሙጽ» ወይ ድማ «ሓርፋፍ» እንታይ ምኹዋኑ ይርድኦ፣ «ምቁርን» ወይ ድማ «መጺጽን» ክፈልጦ ዝኽእል እንተድኣ፣ መግቢ ፈቲኑ፤ ኩርናዕን ኣንጎሎን ድማ ፊሒኽ ክብል እንተኸኢሉ እዩ ክግምግም ዝኽእል:: ብኽምዚ ምስላዊ ቅርጽታት ናይተን ቃላት ኣብ ሓንጎሉ ይቕረጻ::

## ሓበሬታ ኣብ መዓልታዊ መነባብሮ

### ብጭቡጥ ንውላድኩም ክትገብርዎ እትኽእሉ፥

ንውላድኩም ኩሉ ግዜ ሕቝፍዎ፣ ምሕቛፍ ጥዑም ከምዝኾነ ይሰመዖ።

ውላድኩም ኣቚሑ ክተናኽፍ፣ ክዓትርን ክድርብን ግደፍዎ! ገለ ዝንከስውን ሃብዎ! ብዝተኻእለ መጠን ባዕሉ ፈቲኑ ይፍለጦ!

እንዳ ዓበየ ክኸይድ ከሎ ብዙሕ ነገራት ንኽፍትን ግደፍዎ፣ ኣብ ገዛን ኣብ መጻወቲ ቦታን፣ ምጉያይ፣ ብሑጻን ማይን ምጽዋት፣ ምጽዋዕን ደርፍን፣ ኣብ ክሽነ ምሕጋዝ፣ ጠረጴዛ ምንጻፍ፣ ኣብ ጃርዲን ምኹዓት፣ ኣታኽልቲ ምትካል። ብኸምዚ ቀልጢፉ ርእሱ ይኽእል፣ እዚ ንደሓር ንትምህርቱ የቃልሎ።

### ትፈልጡዶ …

ኣብ ሞንጎ ምንቅስቓስን ጸወታን፣ ጥዑይ ኣመጋግባን፣ ጥዑይ ኣስናንን ከምኡውን ምዕባለ ቋንቋ ቆልዓ ርክብ ከምዘሎ?

# 7. ኣነ ካብ ንስኻትኩም ትሓስብዎ ንላዕሊ እየ ዝኽእል!

### ብዛዕባ'ዚ ክኢላታት እንታይ ይብሉ?

- ቆልዑ ወይ ህጻናት ኣብ ምንቅስቓስን ጸወታን ተሞክሮ ምግባር የድልዮም። ቋንቋ ንክምዕብል ምሕጋዝ ማለት እቲ ቆልዓ ብዙሕ ንኽንቀሳቐስ ከምዝኽእል ምግባር ማለት እዩ። ክዘለል፣ ጠለይጠለይ ክብል፣ ክንቀሳቐስ፣ ክጎዩን ክስዕስዕን፣ … ክኽእል ኣለዎ። ምንቅስቓስን ቋንቋን ምትእስሳር ኣለዎም።

- ቆልዓ ኣብ ዝንቀሳቐሰሉ እዋን ኣእዳዉ ተጣበብትን ወሓለን ምስዝኾና፣ ምንቅስቓስ ናይ ኣፍን መልሓስን እውን ልክዕ ይመጽእ።

- ጽቡቕ ኣሰራርዓ ስኒ ኣገዳሲ እዩ፣ ህጻን እንተድኣ ብግቡእ ኣዘራርባ ክመሃር ኮይኑ ኣሰራርዓ ስኑ ኣገዳሲ እዩ። ንጹር ኣደማምጻ ኣካል ናይ ጽቡቕ ኣፍልጦ ቋንቋ እዩ።

# ሓበሬታ ኣብ መዓልታዊ መነባብሮ

## ብጭቡጥ ንውላድኩም ክትገብርዎ እትኽእሉ፥

ውላድኩም ኣብ ሕጽር ዝበሉ መናድቕ ጠልጠል ክብል፣ ብኢዱ ክበልዕ፣ ብቱቦ መሳሊ ክሰቲ፣ ዝንፋሕ ክነፍሕ ግደፍዎ፣ ... ብዙሕ ግዜ ምስኡ ናብ መጻወቲ ቦታ፣ መዛወሪ ቦታ ኪዱ። ምስኡ ስርሑን ፈናጥሑን፣ ብመቐስ ቆራርጹን። ምስኡ እንተሃሊኹም ድማ ሓንቲ ነገር ኣይከውንን እዩ። ብኽምዚ ብትኽክል ምንቅስቓስ ይመሃር፣ ናቱ ራእይ ከማዕብል እውን ይኽእል።

**ውላድኩም ሽኮራዊ መስተ ክሰቲ የብሉን።
ብዝኾነ መንገዲ ድማ ዘይምልማድ።**

ጽቡቕ ደርጊ ስኒ ክህልዎ ከምዘለዎ ድማ ኣስተውዕሉ። ንኽይበኪ ኣብ ኣፍ ዝቕርቀር ጎማ ክሳብ ወዲ ሰለስተ ዓመት ዝኸውን ጥራይ ይጠቐም።

ንጥዕና ዝጠቅም ኣመጋግባ ከምኡውን ኣብ ኣፉ ዝቕርቀር ዝብላዕ ምሃብ ድማ ኣገዳሲ እዩ።

## ትፈልጡዶ ...

መዓልታዊ ብሓባር ምዝራብን ምጽዋትን ኣብ ምዕባለ ቋንቋ ብዙሕ ከምዘሰጉም?

# 8. ምሳይ ትጻወትዶ?

## ብዛዕባ'ዚ ክኢላታት እንታይ ይብሉ?

- ምስ ውላድኩም ብዙሕ ምስ እትነጥፉን፣ ምስ እትዛረቡን፣ ምስ እትጻወቱን ሓንሳሉ ብስሩዕ ይቕረጽን ናይ ምግንዛብ ክእለት የጥሪ:: በዚ ዓይነት ኣቀራርጻን ክእለት ምግንዛብን ንምዕባለ ቋንቋ ናይቲ ቆልዓ ከምኡውን ንደሓር ኣብ ቤት ትምህርቲ ብጣዕሚ ኣገደስቲ እዮም::

- እቲ ቆልዓ ብስሩዕ ምስዝሰምዖን ዝዛረቦን፣ ሕግታት ናይቲ ቋንቋ ንክፈልጥ ይሕግዞ:: ብኸምዚ እቲ ቆልዓ ቃላት ክፈልጥ፣ እቲ ሰዋሰው ናይቲ ቋንቋ ክመሃርን ከምኡውን ምስ ካልኦት ብስርዓት ክረዳዳእን ይኽእል:: ኣብ ኩሉ ቋንቋታት ብዙሕ ፍልጠታዊ «መግቢ» የድልዮ፣ ስለዚ ብዙሕ ክሰምዖን ባዕሉ ክዛረብን ክኽእል ኣለዎ::

# ሓበሬታ ኣብ መዓልታዊ መነባብሮ

## ብጭቡጥ ንውላድኩም ክትገብርዎ እትኽእሉ፥

ኣብ እዋን ዝርርብን ጸወታት ንውላድኩም ብማዕርነት ጠምትዎ። ምስ ውላድኩም ብቐጥታ ተዛረቡ — ብውሕዱ ኣብ መዓልቲ ርብዒ ሰዓት ዝኸውን!

ምስኡ ብዛዕባ መዓልታዊ ንጥፈታት ተዛረቡ። ንኣብነት፣ ሳእኑን ጃኬቱን ከውጽእ እንከሎ፣ ናይ ገዛ ሽበጥ ክገብር ከሎ፣ ሻሂ ክወሃብ ከሎ፣ ናብ ዓራት ክኸይድ ከሎ፣ ... ትእዛዛትን መምርሒታትን ጥራይ እኹላት ኣይኮኑን!

ምስኡ ብዝተፈላለየ ቋንቋታት ተዛረቡ። ካብዚ ውላድኩም ማህደረ ቃላቱ የሀብትም፥ (ንኣብነት፣ ሓንቲ ነገር ንምግላጽ ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ብምጥቃም፣ ጽቡቕ፣ ግርም፣ ጽሩይ፣ ...)

ግጥምን፣ መዝሙርን፣ ንቆልዓ ኣብ ዝኾነ ዕድመ ንምህብታም ቋንቋኡ ግርም ምንጭታት እዮም። እቲ ኣብ እዋን ህጻንነትኩም ትሰምዕዎ ዝነበርኩም ረሲዕክምዎ እንተደኣ ኮይንኩም ንወለድኹም ወይ ድማ ንካልኦት ዓበይቲ ቤተሰብ ምሕታት ወይ ድማ ባዕልኹም ናይ ገዛእ ርእስኹም ጽውጽዋይን ዛንታን ፍጠሩ።

ትፈልጡዶ ...

ንቖልዓ ብቐጻሊ ክትእርምዎን ዝበልክምዎ ከተድግምዎን ከምዘይግባእ?

# 9. ባዕለይ ክዛረብ ስኽ ኢልኩም ግደፉኒ!

## ብዛዕባ'ዚ ክኢላታት እንታይ ይብሉ?

- ምእራም ንናይ ምዝራብ ድሌት የትሕቶ። እቲ ኣድማዒ ቴክኒክ ባዕልኻ «ምምሕያሽ ዝዓላምኡ ምድጋም» እዩ።

- ቆልዑ ኩሉ ግዜ ኣይኮነን ዝኽእልዎ ዘርእዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ብዙሕ እዩ ዝርድኦም ነገር ግን ዝዛረብዎ ውሑድ እዩ። ቆልዑ ግዜ የድልዮም ልክዕ ከም ሓደ ፍረ ንክበቁል ግዜ ዘድልዮ።

- ቆልዑ እንተደኣ ምስ ክልተ ቋንቋ ዓብዮም፣ እቲ ሓደ ነቲ ካልኣይ ክዕብልሎ ይኽእል እዩ። ደሓር ግን ምስ ግዜ ከከም ኩነታትን መነባብሮን ጽልዋ ናይቲ መነባብሮን ኣብተን ቋንቋታትን ክቕየር ይኽእል እዩ። ንኣብነት ተዛረብቲ ክልተ ቋንቋታት ከጋጥሞም ዝኽእል፣ እቲ ቋንቋ ኣደ ጀርመን እንተዘይኮይኑን እቶም ቖልዑ ዝኸድዎ መዋእለ ህጻናት ግን ብጀርመን ኮይኑ ከምኡውን ተዛረብቲ ቋንቋ ጀርመን ዝኾኑ ኣዕሩኽ ኣገደስቲ ምስዝኾኑ፣ እቲ ቋንቋ ኣደ ክጽቀጥን ክዕብለልን ይኽእል እዩ።

# ሓበሬታ ኣብ መዓልታዊ መነባብሮ

## ብጭቡጥ ንውላድኩም ክትገብርዎ እትኽእሉ፥

ውላድኩም ንሓደ ነገር ብጌጋ ምስዘድምጽ ባዕልኹም ነታ ቓል ወይ እታ ኣረፍተነገር «ንእግረ መገደኹም» ብልክዕ ድገምዋ፣ ንሱ ቅኑዕ ጌሩ ንኽደግም ኣይተገድድዎ፡፡

ሽዑ ንሽዑ ሓድሽ ቃል እንተዘይተጠቐመ ንስኹም ርግኣ በሉ፡፡

ርግኣት ይሃልኹም! ዋላኳ ብኻልእ ቋንቋ እንተመለሰልኩም ንስኹም ብቋንቋኹም ኣዘራርብዎ፡፡ ሓደ ቆልዓ እንተደኣ ብክልተ ቋንቋታት ዓብዩ ምናልባት ድማ ካብተን ክልተ ነታ ሓንቲ ንነዊሕ ግዜ ንክጥቀመላ ድሌት የብሉን ይኸውን፡፡

ውላድኩም ኣብ ከምዚ መድረኽ እንተደኣ ሃልዩ ብዘይ ጸቕጢ ክልተ ቋንቋታት ዝዛረበሉ ሃዋሁው ፍጠሩሉ፡፡

### ትፈልጡዶ ...

ሓደ ነገር ምንባብን፣ ብዛብዕኡ ምዝራብን ንምዕባለ ቋንቋ ብጣዕሚ ኣገደስቲ ስለዝኾኑ እቲ ቆልዓ ንቤት ትምህርቲ ንክቕረብ ከምዝሕግዝዎ?

# 10. ሎሚ መቐጸልታ ናይታ ዛንታ ከተንብበለይ ዲኻ?

## ብዛዕባ'ዚ ክኢላታት እንታይ ይብሉ?

- ሳይንሳዊ ምርምራት ከም ዝሕብርዎ፣ ምንባብ ንምዕባለ ቋንቋ ናይ ቆልዑ ገና ካብታ ቀዳመይቲ ዓመት ናይ ዕድመኣኦም ጀሚሩ ኣዎንታዊ ጽልዋ ከምዘለዎ ይሕብሩ።

- ምንባብን ምዝንታይን ንማህደረ ቃላት ናይ ውላድ የሀብትሙ። እቲ ቆልዓ ንክንብብን ክጽሕፍን መሰረት እዮም፣ ምኽንያቱ እቲ ናይ ጽሑፍ ቋንቋ ካብቲ ናይ ዝዝረብ ፍሉይ ስለ ዝኾነ እቲ ቆልዓ ብምንባብ ዝተጻሕፈ ቋንቋ ንኽመሃር ይሕግዞ።

- ዛንታ ዝሰምዑን ዝሰምዕዎ ዝደግሙን ቆልዑ ንደሓር ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝጠቕሞም ብዙሕ ነገራት ይመሃሩ፣ ንኣብነት ትኩርነት፣ ነገራት ምዝካር፣ ሓደስቲ ቃላት፣ ምምሃር ኣወዳድቓ ናይ ጽሑፍ ቃላትን ካልእ ብዙሕን።

# ሓበሬታ ኣብ መዓልታዊ መነባብሮ

## ብጭቡጥ ንውላድኩም ክትገብርዎ እትኽእሉ፥

ንውላድኩም መዓልታዊ በቲ ምስ ውላድኩም ኣብ ገዛ እትዛረብዎ ቋንቋ ወይ ቋንቋታት ጌርኩም ገለ ዛንታ ካብ ስእላዊ መጻሕፍትን መጻሕፍቲ ዛንታን ኣንብብሉ።

ካብ ብዙሓት ቤት ንባብ ናይ ስእላዊ መጻሕፍትን መጻሕፍቲ ዛንታን ክትልቅሑ ትኽእሉ። ኣብ ከባቢኹም ዝርከቡ ቤት ንባብ ብቋንቋኹም መጻሕፍቲ እንተሊዩዎም ሕተቱ።

ቀልዑ ነቲ ዝለመድዎ እዮም ዝፈትዉ። ንውላድኩም ናይ ድሓን ሕደር ዛንታ ሓደ ካብቲ ልማዶም ክኸውን ይኽእል እዩ። ቀልዑ ክሳብ ኣጸቢቖም ዝርድእዎን ክደግምዎ ዝኽእሉን መመሊሶም ነታ ሓንቲ ዓይነት ዛንታ ክሰምዕዋ ይደልዩ። ውላድኩም ባዕሉ እታ ዛንታ ከዘንቱ ንክኽእል ሓግዝዎ፤ ንኣብነት ዝስሕቦም ሕቶታት ብምቕራብ።

ዋላኳ ክእለት ቋንቋ ጀርመንኩም ብጣዕሚ ፅቡቕ እንተዘይኮነ፣ ንውላድኩም ብቋንቋ ጀርመን ዝተጻሕፉ ስእላዊ መጻሕፍቲ ከተንብብሉ ትኽእሉ።

እባሓጎታትን ዓባያትን፣ ካልኦት ፈተውትን እውን ንፉዓት ሰማዕትን ተረኽትን እዮም።

## ትፈልጡዶ ...

ቆልዑት ብዝበለጸ ኣብ ጸወታን ኣብ ናይ ሓባር ስራሕን ደኣ እምበር ብቴሌቪዥንን ብኮምፕዩተርን ከምዘይኮነ ዝመሃሩ?

# 11. ቴሌቪዥን? ኖ የቐንየለይ! እቲ ዝበለጸ ፓፓን ማማን ምሳይ ምስዝጻወቱ እዩ!

## ብዛዕባ'ዚ ክኢላታት እንታይ ይብሉ?

- ቋንቋ ንኽመሃሩ፣ ቆልዑ ድምጺ ቋንቋ ምስማዕ ጥራይ ዘይኮነስ ትርጉም ነቲ ዝተባህለ እውን ክርደኦም ኣለዎ። ንዝተራእየ እውን «ምርዳእ»።

- ቆልዕ ምዝራብ ዝመሃር ብቀጥታ ምስ ካልኦት ሰባት ብምርኻብ እዩ። ምስ ኣደ፣ ኣቦ፣ ኣሕዋት፣ ኣብ መላእ ቤተሰብ፣ ብድሕሪኡ ድማ ምስ ኣዕሩኽን መሓዙትን።

- ጽቡቕ ናይ ቆልዑ ፊልምታት ምስ ወለዲ ምርኣይ ዝድገፍ ሓሳብ እዩ። ነዊሕ ሰዓታት ዝውድኡ ናይ ቴሌቭዥንን ናይ ኮምፕዩተር ጸወታን ጎዳእቲ እዮም፤ ካብኡ ዝመሃርዎ ከኣ ውሑድ እዩ።

# ሓበሬታ ኣብ መዓልታዊ መነባብሮ

## ብጭቡጥ ንውላድኩም ክትገብርዎ እትኽእሉ፥

ውላድኩም ኣብ መዓልታዊ ንጥፈታት ንኽሳተፍ ግደፍዎ።

ሓደስቲ ቃላት ብኢዱ ክሕዞም ዕድል ሃብዎ። ኣብ ምኽሻንን ምስንካትን ምሕጋዝ፣ ብማይን ሑጻን እምንን ወይ ድማ ብጭቃ ምጽዋት ንምዕባለ ናይ ቆልዓ ካብ ቴሌቪዥን ምርኣይ ዝሓሹ ተመረጽቲ እዮም።

ውላድኩም እንተደኣ ቴሌቪዥን ክርኢ ኮይኑ ነቲ ፊልም ባዕልኹም ሕረይሉ፣ ብዛዕባ እታ ፊልም ድማ ምስኡ ተዛረቡ። ብኸምዚ እቲ ቆልዓ ብዝበለጸ ይርድኦ ብዙሓት ሓደስቲ ቃላት ድማ ይመሃር።

ካብ ፊልም ካሴት መጻወቲ ዝልቀሓሉ ቦታ፣ ብዙሓት ጽቡቓት ፊልምታት ክትልቅሑ ትኽእሉ። በዚ ኣገባብ እዚ ንውላድኩም ብዝሓሰረ፣ ኣማራጽን ሓድሽ ነገርን ተቕርብሉ።

## ትፈልጡዶ ...

ቆልዑ ብእዋኑ ዓርኪ ወይ መሓዛ ምስዝሕዙ ወይ ድማ ኣብ ናይ ጀርመን ጉጅለ ጸወታ ምስዝጽንበሩ ወይ ድማ ኣብ ናይ ጀርመን መዋእለ ህጻናት ምስዝኸዱ ብዝበለጸ ቋንቋ ጀርመን ክመሃሩ ከምዝኽእሉ?

# 12. ኣነ እውን ምስ ካልኦት ቆልዑት ክኸውን ይደሊ እየ!

## ብዛዕባ'ዚ ክኢላታት እንታይ ይብሉ?

- ንውላድኩም ጽቡቕ ኣፍልጦ ቋንቋ ጀርመን ኣገዳሲ እዩ፥ ንህይወቱ ንዓወት ናይ ትምህርቱ ከምኡውን ንጽቡቕ ዋኒን ናይ ሞያዊ ስራሕ።

- ብዝተፈላለየ መገድታትን ተገዳስነትን ነቲ ቋንቋ ምስዝሰምዖን ምስዝዛረቦን ውላድኩም ጽቡቕ ቋንቋ ጀርመን ክመሃር ይኽእል። ጽቡቕ ጀርመን ዝዛረቡ ኣዕሩኽን መሓዙትን ብጣዕሚ ኣተባባዕቲ እዮም።

- ቀጻሊ ብስሩዕ ናብ ጉጅለ ጸወታ ምስ ዝጽንበር ወይ ድማ ናብ መዋእለ ህጻናት ምስዝኸይድ፣ እቲ ቆልዓ ክሳብ ቤት ትምህርቲ ዝጅምር ቋንቋኡ ንኸደልድል እኹል ግዜ ስለ ዘለዎ ነቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ከጋጥሞ ዝኽእል ብድሆታት ተቐሪቡ ይጸንሕ። ዋላኳ ቋንቋ ናይ ቤተሰብኩም ጀርመን ኣይኹን፣ ውላድኩም ዕድል ምስ ዝረክብ ነዚ ቋንቋ ጽቢቕ ጌሩ ክመሃሮ ይኽእል እዩ።

# ሓበሬታ ኣብ መዓልታዊ መነባብሮ

## ብጭቡጥ ንውላድኩም ክትገብርዎ እትኽእሉ፥

ውላድኩም ናብ ኣዕርኽቱ ክጽንበር እንተደኣ ደልዩ ወይ ድማ ኣዕርኽቱ ናብ ገዛ ክዕድም እንተደልዩ ተሓባበርዎ። ቆልዑ ነቲ ንመዓልታዊ ንጥፈታቶም ዘድልዮም ቋንቋ መብዛሕታኡ ግዜ ቀልጢፎም እዮም ዝሕዝዎ።

ውላድኩም ካብ ወዲ ክልተ ዓመትን ፈረቓን ክሳብ ወዲ ሰለስተ ዓመት ኣብ ዘለዎሉ ዕድመ ኣብ ጉጅለ ጸወታ ናይ ቆልዑ ኣመዝግብዎ። ቆልዑ ኣብዚ ዕድመ'ዚ ንኸምዚ እኹላትን ብቑዓትን ስለዝኾኑ፣ ብዛዕባ ሓደስቲ ኣዕሩኽን ከምኡውን ንጸወታን ንጥፈታትን ምስ ካልኦት ይሕጎሱ።

እንተደኣ ብምኽንያት ወፍሪ ስራሕ ወይ ድማ ብምኽንያት ናይ ኣተዓባብያ ዝምልከት ኣተሓሳስባ ነቲ ውላድ ቅድሚ'ዚ ዕድመ'ዚ ናብ ትካል መውዓሊ ህጻናት ክትሰድዎ እንተደሊኹም ይከኣል እዩ።

እንተደኣ ኣብ ገዛ ምስ ውላድኩም ትዛረብዎ ቋንቋ ጀርመን እንተዘይኮይኑ፣ ብቋንቋ ጀርመን ጌርኩም ብመልክዕ ጸወታ ነቲ ኣብ መዋእለ ህጻናት ዝመሃሮ ከምዝቕረብ ግበርዎ። ብዛዕብኡ ኣዛርብዎ ከምዝህንጠይ ድማ ግበርዎ፣ ኣብ ከባቢኡ ዘድልይዎ ኣዘራርባን ኣበሃህላን መሃርዎ።

ብዙሕ ቋንቋታት ክዛረብ እንተኽኢሉ ግርም ከምዝኾነ ኣረድእዎ።

# ኣቓልቦኹም ዘድልዮ ...

እቶም ወፍሪ ዘይንገብረሎም ቋንቋታት ጠፋእቲ እዮም። ንሓደ ቋንቋ ንክይንርስዖ ክንከናኸኖን ክንጥቀመሉን ይግባእ።

ውላድኩም ቅድም ናብ መዋእለ ህጻናት፣ ድሕሪኡ ድማ ናብ ቤት ትምህርቲ ምስ ከደ፣ ቋንቋ ጀርመን ነቲ ቆልዓ ኣገዳሲ ክኸውን እዩ። በዚ ምኽንያት ናትኩም ምትብባዕን ሓገዝን ከድልዮ እዩ፣ ነገር ግን ናይ ገዛእ ርእስኹም ወይ ድማ ናይቲ ቤተ ሰብ ቋንቋ ምክንኻንን ምዕቃብን ኣይትረስዑ።

እቲ ዝበለጸ ኣማራጺ ነቲ ቀዳማይ ቋንቋ ንምዕቃብ ነቲ ቋንቋ ኣብ ቤት ትምህርቲ ብናይ ሃገርካ ቋንቋን ባህልን (HSK) ምስእትመሃሮ እዩ። ብዛዕባዚ ሓበሬታ ድለዩ ንውላድኩም እውን ኣብኡ ኣመዝግብዎ።

ንስኻትኩም ንባዕልኹም ጋዜጣታትን ከምኡውʻን መጻሕፍትን ኣንብቡ፣ ብዛዕባ ሓደስቲ ኣርእስቲ ምስ ውላድኩም ተዛረቡ! በዚ ኣገባብ ንስኹምን ውላድኩምን ክእለት ቋንቋኹም ከተማዕብሉ ትኽእሉ።

ንውላድኩም ብጀርመንን — ብኻልኦት ቋንቋታትን ከንብብ ኣተባብዕዎ።

ቋንቋ ሃብቲ እዩ — ኩሉ ቋንቋ። ኩሉ ቋንቋ ኣጸቢቕካ ምስ እተማዕብሎን እትዕቅቦን ኣገዳስነቱ እንዳወሰኸ ይኸይድ። ኣብዚ ሎሚ ግዜ ክእለትን ምምላኽ ቋንቋታትን ነቲ ኣብ ሕብረተሰብን ሞያዊ ዓለምን ዝህልወካ ቦታ ወሳኒ እዩ።

ናይʻቶም ኣብ ሳንት ጋለን (St.Gallen) ዝነብሩ ስደተኛታት፣ ቋንቋታት ኣደ፣ ቋንቋ ኣልባንያ (Albanisch)፣ ቋንቋታት፣ ቦዝኒያ፣ ክሮኣስያ፣ ሰርቢያ (Bosnisch/ Kroatisch/Serbisch) ቋንቋ ጥልያን (Italienisch)፣ ቋንቋ ቱርኪ (Türkisch)፣ ቋንቋ ፖርቱጋል (Portugiesisch)፣ ቋንቋ ታሚል (Tamilisch)፣ ካልኦት ብዙሓትን ኣብ ዓለምለኻዊ ቁጠባ ኣገዳስነቶም እንዳወሰኸ ይኸይድ ኣሎ። ውላድኩም እንተደኣ ኣብ ልዕሊ እቲ ቋንቋ ጀርመን ካልእ ተወሳኺ ክመልኽ ክኢሉ ናይ ስራሕ ዕድላት ይኸፈተሉ።

# ንኣብ ዞባ ካንቶን ሳንት ጋለን (Kanton St.Gallen) ዝነብሩ ወለዲ ኣገልግሎት ምኽርን ሓገዝን ዝህቡ ትካላት

**ምምሕዳር ከባቢ (Gemeinde)**

ሓበሬታ ብዛዕባ መውዓሊ ቆልዑ ወይ ህጻናት፣ ጉጅለ ጸወታ ከምኡውን መዋእለ ህጻናት ኣብ ከባቢኹም ክትረኽቡ ትኽእሉ።

**ኦስትሽቫይሰርፈራይን ንቆልዓ (Ostschweizer Verein für das Kind)**

እቲ ማሕበር ኣብ ምክትታልን ምኽርን ነኣዴታትን ኣቦታትን ንናይ ኣብ ቅድመ ትምህርቲ ዕድመ ዝርከቡ ቆልዑ ኣተኩውሩ ንድሕነትን ጥዕናን ቆልዑት ዝሕግዝ እዩ። ኣብቲ ንኣዴታትን ኣቦታትን ዝግበር ምኽሪ፣ ኩሎም ንጥዕና፣ ኣመጋግባ፣ ምዕባለ ከምኡውን ኣተዓባብያ ናይ ህጻንን ንእሽቶ ቆልዓ ውላድኩም ዝምልከቱ ሕቶታት ኣልዒልኩም ክትዛረቡ ትኽእሉ ኢኹም። ብዘይካ'ዚ ርክባት ምስ ካልኦት ወለዲ ናይ ምልላይ ዕድል እውን ክትረኽቡ ኢኹም።

www.ovk.ch

**ሰዓታት ስራሕ ንወለዲ ብዛዕባ ህጻናትን ንቆልዑ ካብ 0 ክሳብ 3 ዓመት ዝዕድመኦም**

ወለዲ ንምዕባለ ወይ ድማ ንጠባይ ንእሽቶይ ውላድኩም ዝምልከት፣ ጸገማት ምስዝህልወኩም ነዚ ትካል'ዚ ክትውከሱ ትኽእሉ። ኣብዚ እቲ ድልየት ናይቶም ቆልዑ ኣለሊኻ ንምፍዋሱ ድማ ይስረሓሉ።

www.kjpd-sg.ch

**ማእከል ክንክን ቆልዑ ሳንት ጋለን (Kinderschutzzentrum St.Gallen)**

ወለዲ ጠለባት ናይ ናኣሽቱ ደቆም ንምምላእ ካብ ዓቕሞም ንላዕሊ ኮይኑ ዝገብርዎ ምስዝጠፋኦም፣ ብመገዲ ናይ ህጹጽ መስመር ተሌፎን ንወለዲ (Eltern-Hotline TATKRÄFTIG) ኣቢልኩም ክትውከሱ ትኽእሉ። ማእከል ምክልኻል ንቆልዑ ሳንት ጋለን (Kinderschutzzentrum St.Gallen) ናይቶም ንተገልገልቲ ብነጻ ብዘይክፍሊት ምኽሪ ይልግስ፣ ናይ እቶም ሰብ ጉዳይ ኣስማት ዓቂቡ ብሚስጢር ይሕዞ።

www.tatkraeftig.ch

**ምኽሪ ብዛዕባ ኣተዓባብያ (Erziehungsberatung)**

ለገስቲ ምኽሪ ንቤተሰብ ነቲ ምስ ኣተሓሕዛ ጉዳይ ዕብየት ዝምልከት መፍትሒ ኣብ ጽንኩር ኩነታት ኣብ ምንዳይ፣ ንኣብነት ፍርሒ፣ ዓቐኑ ዝሓለፎ ዋዒ፣ ባእሲ ኣብ መንጎ ኣሕዋት ከምኡ'ውን ጸገማት ናይ ምፍጣር ርክብ ምስ ናይ ዕድመ መሓዙት ዝኣምሰሉ ይሕግዙ።

www.sozialberatung.sg.ch

**ኣገልግሎት ትምህርታዊ ስነኣኣምሮ (Schulpsychologische Dienste)**

ኣገልግሎት ትምህርታዊ ስነኣኣምሮ ንስነኣእምሮኣዊ ሕቶታት፣ ምስ ትምህርትን ኣተዓባብያን ዝተሓሓዙ ጸገማት ኣገልግሎት ይህብ።

www.schulpsychologie-sg.ch (Kanton St.Gallen)

www.schulgesundheit.stadt.sg (Stadt St.Gallen)

**ቤት ንባባትን ኣለቃሕቲ መጻወቲታን መዛናጊዒታትን (Bibliotheken / Ludotheken)**

መጻሕፍትን መጻወቲታትን ንቆልዑ ክትልቅሑሎም እትኽእሉ ቤት ንባባትን ኣለቃሕት መጻወቲታትን ኣብ ብዙሕ ቦታታት ኣለዉ። እቶም ብብዙሕ ቋንቋታት ዝተጻሕፉ መጻሕፍቲ እትልቅሕሎም ቤት ንባባት እንዳበዝሐ ይመጹ ኣለዉ፣ ንኣብነት (Freihandbibliothek der Stadt St.Gallen) ኣብ ሳንት ጋለን መርበብ ብዙሓት ባህልታት ዘቶኮረ ባዕልኻ እትግልገለሉ ቤት ንባብ።

www.freihandbibliothek.ch

www.ludosg.ch

## አቅራቢ


| | |
|---|---|
| አሕታሚ | Kompetenzzentrum Integration und Gleichstellung<br>Departement des Innern des Kantons St.Gallen |
| | ናይ ምጥቃምን ምቅንብባርን ስልጣን ንካንተን ሰንት ጋለን<br>Kompetenzzentrum Integration und Gleichstellung, Departement des Innern<br>Textadaptionen und Redaktion: Kathrin Wirz |
| ቋንቋታት | ጀርመን + ቋንቋ ኣልባንያ፣ቋንቋ ቦዝንያ/ሰርቢያ/ክሮአስያ፣ ቋንቋ እንግሊዝ፣ ቋንቋ ፈረንሳይ፣ ቋንቋ ጥልያን፣ ቋንቋ ፖርቱጋል፣ ቋንቋ ስፓንያ፣ ቋንቋ ታሚል፣ ቋንቋ ትግሪኛ፣ ቋንቋ ቱርኪ |
| ትርጉም/ግራፊክ/ሌይኣውት | www.alscher.ch |
| ሕትመት | Tschudy Druck AG, St.Gallen |
| ጠለብ | Departement des Innern<br>Kompetenzzentrum Integration und Gleichstellung<br>Regierungsgebäude<br>9001 St.Gallen<br>info.kig@sg.ch |
| ዳውንሎድ | www.integration.sg.ch |

St.Gallen, Januar 2014


## ስነሓሳብን ውጥንን

ቀንዲ ትሕዝቶ ናይዚ መጽሄት ካብ «ብዝሒ ቋንቋ፡፡ ምምዕባል ቋንቋ ኣብ እዋን ቁልዕነትን ምምሃር ብዙሓት ቋንቋታትን—ብድሆ ንስድራን ንትካላት ትምህርቲ ኣብ እዋን ቁልዕነትን» ዝተሰየመ መደብ ብትእዛዝ ክፍለ ሃገር ፎርአልበርግ ማዕቢሉ፡፡
ሓበሬታ ብዛዕባ መደብ: www.okay-line.at


| | |
|---|---|
| መሰረት ትሕዝቶ | Elisabeth Allgäuer-Hackl, Gerlinde Sammer, Elizabet Hintner |
| ጽሑፍ | Elisabeth Allgäuer-Hackl, Lidwina Boso |
| አርታዒ | Eva Grabherr |



© okay. zusammen leben / Projektstelle für Zuwanderung und Integration, Vorarlberg (Verein Aktion Mitarbeit), Dornbirn (Österreich) November 2010